**ቤት-ትምህርቲ ዲስትሪክት Edmonds**
**2026–27 ደብዳቤ ንስድራ-ቤታት**

ዝኸበርካ ወላዲ/መጕዚት፥

እንቋዕ ናብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025 – 2026 ብደሓን መጻእኩም! ንተመሃራይካ(ርኺ) ኣብ ሕድሕድ ናይ ትምህርቲ መዓልቲ ቁርስን ምሳሕን ክነቕርብ እንከለና ታሕጓስ ይስመዓና። ተመሃራይካ(ርኺ) ናጻ መግቢ፣ ናይ ክረምቲ EBT ረብሓታት፣ ምጉዳል ዋጋ ዝተገብረሎም ካልኦት ፕሮግራማትን ንጥፈታትን ክረኽቡ ብቑዓት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፣ ከምኡድማ እዚ ናይ **2026-2027 ዓመታዊ ናይ ህጻን ኒዩትሪሽን ብቑዕነትን ትምህርቲን ረብሓ መመልከቲ** ብምምላእ ቤት-ትምህርቲ ኣውራጃኹም ገንዘባዊ ሓገዝ ክረክብ ክትሕግዝዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ነቶም ናጻን ምጉዳል ዋጋ ዝተገብረሎምን መግቢታት ክጥቀሙ ብቑዓት ዝኾኑ ተመሃሮ ናይ K-12 ክፍሊ ቁርስን ምሳሕን ብናጻ ከነቕርበሎም ኢና። ኩሎም ካልኦት ተመሃሮ ድማ እዞም ኣብ ታሕታይ ዘለዉ ዋጋታት ከነኽፍሎም ኢና።

| ስሩዕ | | | | |
|---|---|---|---|---|
| **ደረጃ ትምህርቲ ደረጃ** | **ቁርሲ** | **ምሳሕ** | **A La Carte ጸባ** | **A La Carte ሶያ ጸባ** |
| K - 6 | $ 1.75 | $ 3.75 | $ 0.70 | $1.50 |
| 7 - 8 | $ 2.00 | $ 4.25 | $ 0.70 | $1.50 |
| 9 - 12 | $ 2.00 | $ 4.25 | $ 0.70 | $1.50 |
| ልዕሊ-ዕድመ/ሰራሕተኛ | $ 3.00 | $ 5.50 | $ 0.70 | $1.50 |

**መን ኣዩ መመልከቲ ክመልእ ዘለዎ?**

እዞም ዝስዕቡ ረቛሒታት እንድሕር ተማልእ ነዚ መመልከቲ ምላእ፥

- ጠቕላላ ስድራ-ቤታዊ እቶትካ ምስቲ ኣብቲ ስእላዊ መግለጺ ዘሎ መጠን ማዕረ ወይ ካብኡ ዝውሕድ እንተኾይኑ።
- መሰረታዊ መግቢ ትቕበል፣ ኣብ ፕሮግራም ምክፍፋል መግቢ ኣብ ህንዳዊ ዕቀባታት (FDPIR) ትሳተፍ፣ ወይድማ ንቖልዑትካ ግዝያዊ ረድኤት ንዝተጸገሙ ስድራ-ቤታት (TANF) ትቕበል እንተሊኻ።
- ኣብ ትሕቲ ሕጋዊ ሓላፊነት ትካል መሕብሓቢ ህጻውንቲ ወይ ቤት-ፍርዲ ንዝርከቡ ቖልዑት እንተኼንካ መመልከቲ ትመልእ ዘለኻ።

ንሓደ ስድራ-ቤት ሓደ መመልከቲ ጥራሕ ከም ዘረከብካ ርግጸኛ ኹን። እቲ መመልከቲ ጸዲቑ ዶ ዋላስ ውዱቕ ኰይኑ ከነፍልጠካ ኢና። መመልከቲ እትመልኣሉ ዘለኻ ቖልዓ ቤት-ኣልቦ (McKinney-Vento)፣ ወይ ስደተኛ እንተኾይኑ፣ ነዚ ዝምልከት ትኽክለኛ ሳንዱቕ ምረጽ።

**እንታይ እዩ ከም እቶት ዝቑጸር? መን እዩ ኣባል ዕያለይ ክበሃል ዝኽእል?**

ነዚ ኣብ ታሕታይ ዘሎ ናይ እቶት ስእላዊ መግለጺ ረኣዮ። በዝሒ ኣባላት ዕያልካ ረኣይ። ጠቕላላ እቶት ዕያልካ ፍለጥ። ኣባላት ዕያልካ ኣብ ዝረኽብዎ እቶት ኣብ ዝተፈላለየ ግዝየታት ናይ ወርሒ እንድሕር ዝቕበሉ ኰይኖም'ሞ ዕያልካ ብቑዕ ምዃኑን ዘይምዃኑ ከተረጋግጽ እንድሕር ተጸጊምካ፣ መመልከቲ ቅጥዒ ምላእ'ሞ እቶትካ ብቑዕ ድዩ ዋላስ ኣይኰነን ከነፍልጠካ ኢና። እቲ እትህበና ሓበሬታ ቖልዓኻ ንናጻ ወይ ምጉዳል ዋጋ ዝተገብረሎም መግቢታት ብቑዕ ድዩ ኣይኰነን ዝብል ንምውሳን ኢና ንጥቀመሉ።

ኣብ ትሕቲ ሕጋዊ ሓላፊነት ትካል መሕብሓቢ ህጻውንቲ ወይ ቤት-ፍርዲ ዝርከቡ ቖልዑት መጠን ናይ ውልቃዊ ጉዳያት እቶቶም ብዘየገድስ ናይ ናጻ መግቢታት ክጥቀሙ ብቑዓት እዮም።

| ...USDA ህጻን ኒዩትሪሽን ፕሮግራም እቶት መምርሒታት ...ካብ ጁላይ 1, 2025–ጁን 30, 2026 ኣብ ግብሪ ዝውዕል | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| ...ያል | **ዓመታዊ** | **ወርሓዊ** | **ክልተ ግዜ ኣብ ወርሒ** | **በቢ ክልተ ሰሙን** | **ሰሙናዊ** |
| | $28,953 | $2,413 | $1,207 | $1,114 | $557 |
| | $39,128 | $3,261 | $1,631 | $1,505 | $753 |
| | $49,303 | $4,109 | $2,055 | $1,897 | $949 |
| | $59,478 | $4,957 | $2,479 | $2,288 | $1,144 |
| | $69,653 | $5,805 | $2,903 | $2,679 | $1,340 |
| | $79,828 | $6,653 | $3,327 | $3,071 | $1,536 |
| | $90,003 | $7,501 | $3,751 | $3,462 | $1,731 |
| | $100,178 | $8,349 | $4,175 | $3,853 | $1,927 |

| ናይ USDA ህጻን ኒዩትሪሽን ፕሮግራም እቶት መምርሒ... ካብ ጁላይ 1, 2025–ጁን 30, 2026 ኣብ ግብሪ ዝውዕል... | | | | |
|---|---|---|---|---|
| ናይ ኣባላት ዕያል በዝሒ | **ዓመታዊ** | **ወርሓዊ** | **ክልተ ግዜ ኣብ ወርሒ** | **በቢ ክልተ ሰሙን...** |
| ንሕድሕድ ተወሳኺ ኣባል ዕያል፣ እዚ ዝስዕብ ወስኽ፥ | $10,175 | $848 | $424 | $392 |

**ዕያል** ኩሎም ሰባት፣ እንኰላይ ወላዲ፣ ቖልዑት፣ ኣቦሓጎታት/እኖሓጎታት፣ ከምኡድማ ኩሎም ኣብ ገዛኻ ምሳኻ ዝነብሩን ናይ መነባብሩ ወጻኢታት

ዘዋጽኡን ኣዝማድን ጓኖትን ዘጠቓልል ማለት እዩ። ክትናብዮም ሕጋዊ ሓላፊነት ዝወሰድካሎም ዘይደቅኻ ቆልዑት ብዝምልከት እንተኼንካ መመልከቲ ትመልእ ዘለኻ ድማ፣ እቲ ኣብ ትሕቲ ናብዮትካ ዘሎ ቆልዓ ናብ ጠቕላላ ኣባላት ዕያልካ ክትድምሮ ትኽእል ኢኻ።

**እቶት ናይ ዕያል** ሕድሕድ ኣባል ዕያል ዝረኽቦ እቶት ዝጎደሎ ቀረጽ ማለት እዩ። እዚ ደመወዝ፣ ማሕበራዊ ውሑስነት፣ ጥሮታ፣ ናይ ስራሕ-ስእነት መብዕሎ፣ መንግስታዊ ናብዮት፣
ሓገዝ ንህጻን፣ ክፍሊት ቀለብ ቆልዓ ድሕሪ ፍትሕ፣ ከምኡድማ ዝኾነ ብሰልዲ እትቕበሎ እቶት። ክትናብዮ ሕጋዊ ሓላፊነት ዝወሰድካሉ ዘይውሉድካ ቆልዓ ኣካል ዕያልካ ጌርካ እንድሕር ደሚርካዮ፣ ናይቲ እትናብዮ ቆልዓ ውልቃዊ እቶት እውን ክትድምሮ ኣለካ። ናይ ናብዮት ክፍሊታት ከም እቶት ጌርካ ሪፖርት ኣይትግበር።

**እቲ መመልከቲ እንታይ ትሕዝቶ ክህልዎ ይግባእ?**

A. **<u>ንኹሎም ዕያላት ብዘይካ እቶም ኣብ B, C, ከምኡድማ D ዝተጠቕሱ</u>፥**
- ስም ተመሃራይ(ሮ)
- ናይ <u>ኩሎም</u> ኣባላት ዕያል ስማት
- ናይ <u>ኩሎም</u> ኣባላት ዕያል እቶት ምስ ምንጩ
- ፊርማ ናይ ልዕሊ ዕድመ ኣባል ዕያል
- ናይቲ ነቲ መመልከቲ ዝፈረመ ልዕሊ ዕድመ ኣባል ዕያል 4 ናይ መወዳእታ ኣሃዛት ናኡ ማሕበራዊ ውሑስነት ቁጽሪ (እቲ ፈራማይ ልዕሊ ዕድመ ናይ ማሕበራዊ ውሑስነት ቁጽሪ እንድሕር ዘይብሉ ድማ፣ ተዛማዲ ሳንዱቕ ምረጽ)።

*ክፍሊታት 1, 2, 3, 4,* ከምኡድማ *5* ምላእ; *ክፍሊ 6* እንተደሊኻ ዝግደፍ እዩ።

B. **<u>ብሕጊ ሓላፊነት ተዋሂቡዎም ዝናብዩዎም ዘይውሉዶም ቆልዓ(ውት) ጥራሕ ንዝሓዙ ዕያላት</u>**
- ስም ተመሃራይ
- ናይ ልዕሊ ዕድመ ኣባል ዕያል ፊርማ

*ክፍሊታት 1* ከምኡድማ *5* ምላእ; *ክፍሊ 6* እንተደሊኻ ዝግደፍ እዩ። ብተወሳኺ ኣብ ክንዲ መመልከቲ ቅጥዒ ምምላእ እቲ ናብዮት ዝደሊ ቆልዓ(ውት) ኣብ ትሕቲ ናብዮትካ ክኸውን ብሕጊ ከም ዝተወሰነልካ ዘርኢ ቅዳሕ ሰነድ ቤት-ፍርዲ ናብ ቤት-ትምህርቲ ክትሰድድ ትኽእል ኢኻ።

**4 ናይ መወዳእታ ኣሃዛት SSN ን B ኣየድልዩን።**

**እቲ መመልከቲ እንታይ ትሕዝቶ ክህልዎ ይግባእ?** *ብድሕሪት ይቕጽል*

C. **<u>ንመሰረታዊ መግቢ/TANF/FDPIR ዝረክብ ዕያል</u>፥**
- ናይ ኩሎም ተመሃሮ ስማት ዘርዝር
- ቁጽሪ ጉዳይ ኣእትው
- ፊርማ ናይ ልዕሊ ዕድመ ኣባል ዕያል

*ክፍሊታት 1, 2, 4,* ከምኡድማ *5 ምላእ። ክፍሊ 6* እንተደሊካ ዝግደፍ እዩ።

**4 ናይ መወዳእታ ኣሃዛት SSN ን C ኣየድልዩን።**

D. **<u>ብሕጊ ሓላፊነት ተዋሂብዋ ዘይውሉዳ ቆልዓ(ውት) እትናቢ ከምኡድማ ካልኦት ቆልዑት እውን እታኣሊ ስድራ-ቤት</u>፥**

ከም ስድራ-ቤት መመልከቲ ምላእ ከምኡድማ ብሕጊ ሓላፊነት ወሲድካ እትናብዮም ዘይውሉድካ ቆልዑት እውን ደምር። መምርሒታት ናይ “**A. ዝኾነ ረድኤት ንዘይረኽቡ ዕያላት፥**” ተኸተል ከምኡድማ ናይቶም ብሕጊ ኣብ ትሕቲ ናብዮትካ ዝርከቡ ዘይውሉድካ ቆልዑት ውልቃዊ እቶት እውን ደሚርካ ኣቕርብ።

**ናይ ቆልዓይ መመልከቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ጸዲቑ ነይሩ እዩ። ሓድሽ ክመልእ ኣድላዪ ድዩ?**

እው። ናይ ቆልዓኻ መሕተቲ ኣብቲ ዓመት’ቲን ኣብ ናይ መጀመርታ ሒደት መዓልቲታት ናይ ሎሚ ዓመተ-ትምህርቲን ጥራሕ እዩ ዘገልግል። <u>ብዘይካ</u> ስድራ-ቤትካ ካብ ክፍሊ መግቢን ኒዩትሪሽንን ኦሮማይ ብቑዕ ኢኻ ዝብል ምልክታ ኣብ ዝቕበለሉ ኩነታት፣ ናይ ግድን ሓድሽ መመልከቲ ክትሰድድ ኣለካ።

**ሪፖርት ዝግበር እቶት ዘይብሎም ገለ ኣባላት ዕያል እንተልዮምከ?**

ኣባላት ዕያል ገለ ኣብቲ መመልከቲ ሪፖርት ክትገብሩዎ ዓይነታት እቶት ዘይክረኽቡ ወይድማ ዋላሓንቲ እቶት ዘይክህልዎም ይኽእል እዩ። እዚ ከጋጥም እንከሎ፣ ብኽብረትካ ኣብቲ ክፍቲ ቦታ 0 ጸሓፍ። ይኹን እምበር፣ ገል ናይ ክፍቲ ቦታታት ከይመላእካ እንተገዲፍካዮም <u>እውን</u> ከም ዜሮ እዮም ዝቑጸሩ። ብኽብረትካ ናይ እቶት ባዶ ቦታታት ክፍቲ ክትገድፍ እንከለኻ ጥንቃቐ ግበር፣ ምኽንያቱ <u>ብፍላጥካ</u> ከም ዝገደፍካዮም ኢና ንቖጽሮም።

**ቤት-ትምህርቲ ዲስትሪክት Edmonds**
**2026–27 ደብዳቤ ንስድራ-ቤታት**

**ናይ ብቑዕነት መረጋገጺ**

እቲ ዘቕረብካዮ ሓበሬታ ኣብ ዝኾነ እዋን ክጻረይ ይኽእል እዩ። ቆልዓኻ ናጻን ምጉዳል ዋጋ ዝተገብረሉን መግቢታት ክጥቀም ብቑዕ ከም ዝኾነ ንምርግጋጽ ተወሳኺ ሓበሬታ ክትሰድድ ክትሕተት ትኽእል ኢኻ።

**ደጊምካ ምምልካት**

ኣብቲ ዓመተ-ትምህርቲ ኣብ ዝኾነ እዋን ረብሓታት ይግበኣኒ እዩ ኢልካ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ናይ ዕያልካ እቶት ክንኪ እንከሎ፣ በዝሒ ኣባላት ዕያልካ ድማ እንድሕር ክብ ኢሉ፣ ወይድማ ካብ ስራሕ ወጻኢ እንተኼንካ፣ ወይድማ መሰረታዊ መግቢ፣ TANF, ወይ FDPIR ትቕበል እንተሊኻ፣ ረብሓታት ክትረክብ ብቑዕ ክትከውን ትኽእል ኢኻ፣ ሰለዚ ድማ ኣብቲ እዋን'ቲ መመልከቲ ክትመልእ ትኽእል ኢኻ።

**ናይ ብቑዕነት ሓበሬታ ንካልእ ፕሮግራማት ናይ ቤት-ትምህርቲ ከነካፍል ዝፈቅድ ስምምዕነት**

ንናጻ/ምጉዳል ዋጋ ዝተገብረሎም ናይ ተመሃራይ(ሮ) መግቢታት ብቑዕ እንተኼንካ፣ ስድራ-ቤትካ ንምስ ካልኦት ናይ ቤት-ትምህርቲ ፕሮግራማት ዝዘመዱ ወጻኢታት/ክፍሊታት ምጉዳል ዋጋ ክግበረላ ብቕዕቲ ክትከውን ትኽእል እያ። ኣብ ናይ ምክፋል ስምምዕ ምስታፍ ኣብ ድሌትካ ዝተደረኸ ክኸውን እንከሎ ኣብ ልዕሊ ናይ ተመሃራይካ ናጻን ምጉዳል ዋጋ ዝተገብረሎምን መግቢታት ናይ ምርካብ ብቑዕነት ዘሕድሮ ጽልዋ <u>የለን</u>። ኣብ ናትካ ሓበሬታ ናይ ምክፋል ፍቓድ ተደሪኾም ናይ ተመሃራይካ ናይ ብቑዕነት ሓበሬታ ዝቕበሉ ውልቀሰባት ወይ ፕሮግራማት እቲ ሓበሬታ ንኻልእ ትካል ወይ ፕሮግራም ኣሕሊፎም ኣይህቡዎን። ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዲስትሪክት Edmonds ኣብ ሕድሕድ ዓመት ዝተሓደሰ ስምምዕ ክህሉ ኣለዎ። **ሕርያታት ናይ ብቑዕነት ሓበሬታ ምክፋል ስምምዕነት ኣብ ዳሕረዋይ ገጽ ናይ 2025-26 ኦኣመታዊ ናይ ኒዩትሪሽን ብቑዕነትን ትምህርታዊ ረብሓ መመልከቲን ወይድማ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ቤት-ትምህርቲ ዲስትሪክት Edmonds፣ ገጽ መርበብ መግቢን ኒዩትሪሽንን ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።**

<u>እቶም ብሕርያኻ እትጽምበሮም ንኣብ ኩሉ ደረጃታት ትምህርቲ ዝመሃሩ ተመሃሮ ዝተዳለዉ ናይ ቤት-ትምህርቲ ፕሮግራማት ከምዚ ዝስዕብ ቀሪቦም ኣለዉ፥</u>

- **ትካል ማሕበር ተመሃሮ (ASB)** - ምጉዳል መጠን ክፍሊት/ሕድገት ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፥ ናይ ASB ካርድታት፣ ኣትሌቲክስ፣ ጋንታታት፣ ሳዕስዒታት፣ ትርኢታት፣ ትምህርታዊ ጉዕዞታትን ኩሎም ካልኦት ካብ ስርዓተ-ትምህርቲ ብተወሳኺ ዝግበሩ ማርኪ ዘይተሓዘሎም ንጥፈታትን
- **ኣካደምያዊ** - ነጻ ምጉዳል ዋጋ/ሕድገት ከምኡድማ ቀረባት ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፥ ክረምታዊ ናይ ቤት-ትምህርቲ ክፍሊታት፣ ትምህርታዊ ክፍለ-ግዜታት፣ ናይ ስርዓተ-ትምህርቲ ፕሮግራማት፣ ናይ ናውቲ ክራያት፣ ቀረባት፣ ፈተናታት (PSAT, SAT, ACT)፣ ናይ ቴክኖሎጂ ክፍሊታት፣ ትምህርታዊ ጉዕዞታት/ካምፕታት
- **ናይ ቤት-ትምህርቲ ተሽከርከርቲ ጠጠው መበሊ** - ምጉዳል ዋጋ ክፍሊት/ሕድገት
- **ናይ ምረቓ ትኬታት** - ምጉዳል ዋጋ ክፍሊት/ሕድገት

**ነቶም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዲስትሪክት Edmonds ናጻን ምጉዳል ዋጋ ዝተገብረሎምን መግቢታት ክጥቀሙ ብቑዓት ዝኾኑ ስድራ-ቤታት ነዞም ዝስዕቡን ካልኦትን ዘጠቓልሉ ተወሰኽቲ ረብሓታት ተዳልዮም ኣለዉ፥**

- ክዳውንቲ ንቖልዑት፣ ብትሑት ዋጋ ዝቐርብ ፕሮግራም ኣገልግሎት ኢንተርኔት፣ መሰል ኣብ ቤት-ትምህርቲ (Right at School)፣ ምጉዳል ዋጋ ዝተገብረሎም ናይ ከተማ ሊንውድ ሃልኪታት፣ ናይ ከተማ ኢድመንድስ - ሃልኪ፣ ማይ፣ ትቦ ናይ ፈሳሲ ርስሓት፣ ናይ መዛነዩ ረብሓ ገንዘባዊ ሓገዝ (RBF), ናይ ኮሌጅ መመልከቲ ክፍሊት ሕድገት፣ ናይ ኣትለቲክስ ክፍሊት ሕድገት፣ ብገንዘባዊ ሓገዝ ኮሌጅ ዝወሃቡ ስኮላርሺፓት፣ ራኒንግ ስታርት፣ ናይ SUNBucks/ዋሽንግተን ክረምታዊ EBT ፕሮግራም
- ብዛዕባ እዞም ኣብ ላዕላይ ዝተጠቕሱ ፕሮግራማትን ካልኦት ተወሰኽቲ ረብሓታትን ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ቤት ትምህርቲ ዲስትሪክት Edmonds ከምኡድማ ገጽ መርበብ መግቢን ኒዩትሪሽንን ይርከብ።

**ብኽብረትካ ተወሳኺን ሓድሽን ሓበሬታ ክትረክብ እዚ QR ኮድ ተጠቂምካ ገጽ መርበብ መግቢን ኒዩትሪሽንን ቤት-ትምህርቲ ዲስትሪክት Edmonds ተወከስ፥**

ገለ ሕቶታት እንተለዉኻ፣ ብኽብረትካ ንዓና ካብ ምርካብ ንድሕረት ከይትብል።
ደውል፥ (425) 431 – 7078
ይሚይል፥ <u>fnsoffice@edmonds.wednet.edu</u>
bettst550@edmonds.wednet.edu
20420 68th Ave W, Edmonds, WA 98036